## ሃንደበት ሓመድ ድበ፤

### ብኪኑ-ጥበባዊ ህዝቡ ዝወደበ!!

ጀጋኑ ተጋደልቲ መብራህቲ ኢትዮጵያ፤

ብዕሸል ዕድሜኹም ዝሰራሕኹም ቅያ፤

ኣፍቲ ፅዑቕ ውግእ ብሸለውለው ጉያ፤

ኣብ ሓያል ውግኣት ዘይብሉ ማእለያ!!

## ሃንደበት ሓመድ ድበ፤

### ብኪኑ-ጥበባዊ ህዝቡ ዝወደበ!!

ከየንቲ ተጋደልቲ ምእንተ ቤዛ ህዝቢ፤

ለይቲ ይኹን ቀትሪ ኣብ ዓብዪ ናዕቢ፤

ህይወቶም ኣሰሊፎም ዓሲሎም ከም ንህቢ፤

ፋና ዓወት ዓቲሮም ዘተርከሱ ልቢ!!

## ሃንደበት ሓመድ ድበ፤

### ብኪኑ-ጥበባዊ ህዝቡ ዝወደበ!!

ደኺሙና እንተይበሉ ዕማም እናዓመሙ፤

ሎሚ እውን ከምትማሊ ግበኦም እናፈፀሙ፤

ንልምዓት ንዕቤት ክእለቶም ሰሪዖም፤

ኣብ ጎደና ቆቦ እንታይ ኣጓነፎም?

## ሃንደበት ሓመድ ድበ፤

## ብኪነ-ጥበባዊ ህዝቡ ዝወደበ!!

ዝጀመርዎ ራእይ ክኸተል እዩ ህዝብኹም፤

ዘይወዳእኹሞ ዕማም ይፈፀም ብሽምኩም፤

ኣሰርኩም ተኸቲልና ክንዛዝሞ ኢና፤

ቅሰኑ ንዘላለም ክቡራት ጀጋኑና!!

## ሃንደበት ሓመድ ድበ፤

## ብኪነ-ጥበባዊ ህዝቡ ዝወደበ!!

ለተመስቀል ጋኖ ብርሃነ ሃንደበት፤

ካልኦት'ውን ከየንትና ኩሉኹም ብሕብረት፤

ስጋኹም እንተሞተ መንፈስኩም ብኹርዓት፤

ሃል-ሃል ይብል ኣሎ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት!!

## ሃንደበት ሓመድ ድበ፤

## ብኪነ-ጥበባዊ ህዝቡ ዝወደበ!!

ወዲ-ሰብ ኮይኑ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘይመውት የለን፤

ሞት ንሞቱ ግን ህያው ንዘላለም ዝወዳደር የለን፤

ኣሰርኩም ይለምልም ትማሊ ኾነ ሎሚ፤

ክብርን ሓበንን ይብፃሕኩም ዘላለማዊ!!

## ሃንደበት ሓመድ ድበ፤

### ብኪነ-ጥበባዊ ህዝቡ ዝወደበ!!

ስድራ ተጋደልቲ ፍሉይ ስፍራ ኣለኩም፤

ልብና ቀልብና እኒህ ዩ ምሳኹም፤

ተባዓት ጀጋኑ ዝሓለፉ ቅድሜኹም፤

ሰላምታና ኣብፅሑልና ብቕያ ኣንደበትኩም!!

## ክብርን ሓበንን ንጀጋኑ ስውኣትና!!

ካብ ብስራት ከበደ /ዩናይትድ ስቴትስ

ርኢቶ....besratk@gmail.com